# ቕልዕቲ መልሲ ንኣቶ ብርሃነ ዓ.

ሰላም ዝኸበርካ ኣቶ ብርሃነ ዓ.

ብዕለት 25 01. 2012 ንኣቶ ፍስሃጽዮን ገብረ ቕልዕቲ ደብዳቤ ብዝብል ኣርእስቲ ዝጸሓፍካዮ: ኣብ መርበብ ሓበሬታ ተለጢፉ ኣንቢበ::

ጻዕሪ ኣቶ ፍስሃጽዮን ገብረ ተረዲኡካ ብመኸስ ምጅማርካ: ኣነ ውን ብወገነይ የሞግሰካ::

ነቲ ኣብ ስመር ፓልቶክ ኣድራሻ ሰሉስ ሰሉስ ዝህቦ ትምህርቲ ኣመልኪትካ ዝሃብካዮ ርእይቶ ግን: ብጌጋ ዝተረደኣካ ኣምሲልካ ከተመሓላሊፎ ዝደለኻ መልእኽቲ ከምዘሎ እዩ ተረዲኡኒ: ስለዚ ኣነ ውን ኣብዚ ናትካ ጽሑፍ ሓጺር ንግዜኡ ኣዝዩ ሓጺር ርእይቶይ የመሓላልፈልካ::

እቲ ቀንድን ረቛሕን ክትፈልጦ ዝግበኣካ: ኣቶ ፍስሃጽዮን ገብረ ነዚ ኣገዳስን ጠቓምን ኣስተምህሮ ተሞክሮኡ ኣብ ሰውራ ኤርትራ ንኽገልጽ: ብኣካየድትን ተኻፈልትን ስመር ፓልቶክ “Simerrr Paltalk” ብዝተሓተቶ መሰረት እዩ:: ድልየት መንእሰያት ንምምላእ ምውስኡ ኸኣ ብሉጽ ብኣታ ይገብሮ::

ብመሰረቱ ብጌጋ ተረዳእካዮ ዲኻ ወይስ ኮነ ኢልካ - ንስኻ ኢኻ እቲ ሓቂ ትፈልጦ: ግን ንኣፍልጦኻን ክትእርሞ ዘለካን: ኣቶ ፍስሃጽዮን ገብረ ሰሉስ ሰሉሳ ኣብ ስመር ፓልቶክ “ታሪኽ ሰውራ ኤርትራ” ኣይኮነን ክገልጽ ዘምሲ ዘሎ: ኣቶ ፍስሃጽዮን ገብረ “ተሞክሮኡ ኣብ ሰውራ ኤርትራ” እዩ ዝሓበረን ዝገለጽ ዘሎን::

ወላ ውን ታሪኽ ሰውራ ኤርትራ እንተዝገልጽ ኔሩ: ማንም ሰብ ንማንም ካልእ ሰብ ምኣስ ታሪኽ ክገልጽ ኣለዎ: ብመን ይገለጽ ዝውስን የለን:: ንምኻኑ ታሪኽ ንምግላጽ ክሳብ ኩሎም እቶም ታሪኽ ዝፈልጡ ኣብ ሓሓ ምኣዲ ተራኺቦም ሎሚ ሕጂ ንግለጾ ክሳብ ዝብሉ ይጽናሕ ምባል እንታይ እዩ ምስጢሩ? ንመን ረብሓን ሓልዮትን ዝዓለመ ኸ እዩ?

ንስኻ ታሪኽ ሕጂ ኣይገለጽ ይጽናሕ ናይ ምባል መሰልካ ክትጥቀም: እቶም ዘወዓልዎ ታሪኽን ተሞክሮን ንንኡስ ወለዶ ንምትሕልላፍ ብትብዓት ዓው ኢሎም ክገልጹ መሰሎም ዝንፈገሉ ኣምር ካባይን ብመንን ዝነቅል ምኻኑ ርዱእ ዶ ይገብሮ ሓቀይ?

እዚ ስለ ዝኾነ እቲ ሓቂ: ኣስተምህሮ ኣቶ ፍስሃጽዮን ገብረ: ነቲ *“ታሪኽ ንምጽሓፍ ዝሓቶ ጻዕርን ድኻምን ላዕልን ታሕትን ባጀትን ምንጭታት ሰነድን ሓበሬታን ንመበገሲ ትጽሕፎ ታሪኻዊ መጽሓፍ ንምድላው ዘድልዩ ከበድቲ ሙኻኖም ንስኻውን ትስሕቶ ኣይብልን ኢየ”* ንዝበልካዮ ብዙሕ ክበሃልን ክምለሰልካን ዘለዎ እኻ ይኹን እንበር. ብሕጽር ዝበለ - ንሱ ብወገኑን ብጻዕሩን ኩሉ ነዚ ትብሎ ዘለካ ሃልክን ድኻምን: ቁጠባዊ ጸገማትን ተጻዊሩ ግዴኡ ኣበርኪቱ ኣሎ: ሓቒ እንተሎካ ሃየ ንስኻ ትፈልጦን ዝወዓልካዮን ተሞክሮኻ ነዚ ንኡስ ወለዶ ኣበርክት::

*እንተ እቲ “ታሪኽ ንምስናድን ንምጽሓፍን ካብ ስሚዕትን ጸቢብ ዝምባሌን ናጻ ኮንካ ብጭቡጥ ሰነዳትን ምንጭታትን ቦታን ዕለትን ኣዋሃሂድካ ምስ ዝጽሓፍ ንፍረ ጻዕርኻ የድምቖን መሃሪን ይገብሮ” ዝበልካዮ:* ቅድሚ ምውንጃልካ: መንእሰያትና ብህግደፍ ኣብ ሳዋን ኣብ መዓስከራትን ዝወሃብ ናይ ሓደ ታሪኽ: ኣብ ኤርትራ ካልእ ተሞክሮታት ከምዘሎ ንከይፈልጡ ዝገበሮን ዝግብሮ ዘሎን: ከም ቅቡል ጌርካ ምውሳድካ እዩ:: ንእግረ መንገደይ ክሓተካ ኣፍቕደለይ: እታ ብኣልኣሚን ዝተጻሕፈት ታሪኽ ኤርትራ ኸ ብቕንዕና ርእይቶኻ ኣብ ትሕቲ “ቕልዕቲ መልእኽቲ ንኣላሚን” ብዝብል መልእኽቲ ብናይ ብዙሃን መርበብ ሓበረታ ኣመሓላሊፍካ ዶ?

ብመሰረቱ ታሪኽ ምጽሓፍን ተሞክሮካ ምጽሓፍን ዘሎ ዓቢ ጋብ እንተትርዳእ ምሓሸ:. ኣቶ ፍስሃጽዮን ገብረ ኣብ ዝሃቦን ዝህቦን ኣስተምህሮ ተሞክርኡ ኣብ ሰውራ ኤርትራ: ተሞክርኡ ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ: እንዳበለ ብንጹር ዕለትን: ቦታን: ግዜን: ሰባትን: እንዳገለጸ ስኑድ ተሞክሮ እዩ መዲሩን ኣስተምሂሩን::

ክኹነንን ያዕ ክበሃል ዝግበኣን እንበኣር: ጸሓፋይ እንተኮንካ: ብዛዕባ እዚ ህግደፍ ንመንእሰያትና ኣብ ሳዋ ጠዋይ ታሪኽ ኤርትራ ዘስተምህር ዘሎ እዩ:: ህግደፍ ኣብ ሰውራና ካልእ ተሞክሮ ከምዘይነበረ ጌሩ ሓንጎል መንእሰያትና ዝሓጽብ ዘሎ: ንኸቕጽልን መንእሰያትና ካልእ ሓቐኛ ሰውራዊ ተሞክሮ ንኸይፈልጡ ምጽዓርን ግን ናይ ጣቃ ኣይኮነን::

ወይ ንስኻ ባዕልኻ ወይ እውን ካልኦት: ተሞክሮኹም ንምግላጽ ወስ ዘይበልኩም: ናይ ካልኦት ሓቦኛታት መማህራን ተሞክረኦም ንመንሰያት ወለዶ ንኸይገልጹ ክትእግድ ምህቓን: ክብጻሕ ዝድለ መልእኽቲ ፍሉጥ እዩ::

ብንጽህና ንምእራም ዝብገስ ሰብ:-

1) እቲ ዝበሃል ዘሎ ካበይ ዝተበገሰ እዩ ይፈልጥ፣
2) ነቲ ዝምልከቶ ኣካል ረኺቡ ይሓቶ፣
3) ኣዕጋቢ መልሲ ምስ ዘይረክብ ቅልዕቲ ደብዳቤ ይሰድድ፣
4) ሽሙን ሽም ኣቦኡን ብንጹር የቐምጥ::

እንተ እቲ ብገዲም ስዉእ ተጋዳላይ ትኩእ ይሕደጎ ብ1971 ዝተጻሕፈት ዝበልካያ: ንሱ ኣንጊሁ ዕግበቱን መርገጹን ኣነጺሩ ኢሳያስ በላ እዝጊ በላ ዝበል ዝነበረ ተጋዳልይ ብምኻኑ: ነዛ ጽሕፍቲ ኣንብብዋ ምባልካ ጥራህ ንስኻ መን ምኻንካ ብንጹር ከምዝበረሃለይ ክሕብረካ እፈቱ::

ምስ ሰናይ ትምኒት

ሃይለ ወልደሚካኤል ብርሃነ